# ሃገር ንመን ትብጽሖ።

ሃገር ካብቶም ለይትን መዓልትን ከይተሓእሉ ንድሕነታን፣ልምዓታን ዝሰርሑ ዘለዉ ውፉያት ንላዕሊ ዝሕለቐላ ኣሎ ማለት ወድዓውነት ዘይብሉ ኣባሃህላ ጥራሕ ዘይኮነ፣ ሓላፍነት ዝጎዶሎ ዝምቡዕ ኣባሃህላ ናይ ጉሩሃት ወይ ሕልና ዘዕረቡ ኣብሃህላ ካብ ምኳን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን። ከም ትምኒትን ሕልምን ናይቶም ኤርትራ ከም ሃገርን ህዝብን ብኽልተ እግራ ደው ኢላ ንኸይትረግጽ ለይትን ማዓልትን ንጥፍኣታ ዝሓስቡ ኔሩ እንተዝኸውን፣ ሎሚ እዛ ኤርትራ እትብሃል ሃገር ውፉያት ሕድሪ ሰማእታት ኣይምሃለወት። ባንጻሩ ግን ኤርትራ ብመትከል ርእሰ ሙርኮሳ እትኣምን ንጨቁናት ጽቡቕ ኣብነት ኮይና ዘላ ሃገር ጸላእትና ብኹፉእ፣ ፈተውትና ከኣ ብጽቡቕ ከዛረቡላ ዝውዕሉን ዝሓድሩን ኮይና ኣላ።

ንበዓል ንጹር መትከል፣ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ካብ መደቡን ድሌቱን ዝዓግቶ ከምዘየሎ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ሕሱምን ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ቶሞኩሮ ጽቡቕ ጌሩ ተማሂሩዎ እዩ። ከምቲ ውርቂ ብሓዊ ዝደምቕ፣ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብሓዊ ተፈቲኑ፣ ንሓዊ ከም ማይ ኮይኑ ዘጥፍኤ ህዝቢ ከም ምኳኑ መጠን መንገዱ ኣነጺሩ ዝፈልጥ ህዝቢ'ዩ። ኮምኡ ስለዝኾነ ካኣ'ዩ ነቲ ብቑጽሪ፣ ስንቂ ይኹን ዕጥቂ ክዳረቶ ዘይክእል ሓይሊ ጸላኢ ብዓለም ዘስደመመ ዓወት ናጽነቱ ክጎናጸፍ ዝኸኣለ። ህዝባዊ ግንባር ንሰራዊት ደርጊ ጥራሕ ኣይኮን ሲዒሩ። ነቶም ምዕራባውያን ይኹን ምብራቓውያን ዓበይቲ ሓይልታት ንደርጊ በብእዋኑ ኣብ ጎኑ ብምኳን ዝተፈላለየ ሓገዛት ዘበርክታ ዝነበራ፣ ክሳብ ወተሃደራዊ ክኢላታ ከይተረፉ ዝተጻንበሮኦ ኩናት እዩ ሲዒሩ። እቲ እምነት ንጸላኢ' ብዕጥቂን ስንቁን' ዝብል ርእሰ ተኣማንነት ብተግባር ተሰሪሑሉ ግብራውነቱ ከኣ ተመስኪሩሉ።

ህዝባዊ ግንባር እንታይ ዓይነት ዕጥቂ ስለ ዝዓጠቐ እዩ ዓወቱ ከረጋግጽ ዝኸኣለ? ካብ'ቲ ብዙሕ ናይ ዓወት መስጢራቱ ህዝባዊ ግንባር ዓጢቑወን ዝነበረ ዕጥቂ፡

1. እምነት ( ንዝተሰለፍካሉ ዓላማ ሚእቲ ብሚእቲ ምእማን)

2. ሓድነት (ሃይማኖት፡ ብሔር፡ ጾታ፡ ውዘተ ብዘየገድስ ኣብ ተሰለፍካሉ ዓላማ ሓደ ምኳንካ ምእማን)

3. ጽንዓት ( ኣብ መትከል ስኒ ምንካስ)

4. ስነ ስርዓት (ዲሲፕሊን) ብሕግን መምርሕን ውድብ ምቕያድን ምትግባርን)

5. ተወፋይነት ( ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ሂወትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ ድሉውነት) እዮም።

እንተኾነ እዞም ዝተጠቕሱ ዕጥቂ ብዝግባእ ክሰርሑን ዓወት ንምምጻ ከረጋግጹን፣ እዞም ዝስዕቡ ኣግደስቲ ሓገዝቲ ነገራት ውን ጥቕሞምን ኣገዳስነቶም ተራኣዩ ክትግበሩ ናይግድን ዝኾኑ፣

1. ውዳበ፡ ጽፉፍ ኣወዳድባ ንቃልሲ ሙቱእነት ዘገልግል።
2. ንቕሓት፡ ጽፉፍ ንዓላማን ኣሰራርሓን ቃልሲ ዘዋስእ ፍልጠት።
3. ዕጥቂ፡ ተጻብኦታን ብዝግባእ ከመክቶ ዝኽእል።

ህዝባዊ ግንባር ንዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ መትከላት ኣሚኑ፡ ልዕሊ ኩሉ ኣስፊሩ፡ ልዕሊ መዳፍዕን ታንከታትን ቆጺሩ፡ ጽንዓት ተዓጢቑ፡ ኣብ መትከል ስኑ ነኺሱ፡ ውዳቤኡ ኣጽፊፉ፡ ህዝቢ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉ፡ ጥሜት፡ ዕርቃን፡ ድኻም፡ ሕማም ንድሕሪት ገደፉ፡ መስዋእትነት ቅድሚት ኣሰሊፉ፡ ብብዝሒ ሰብን ኣጽዋርን ጸላኢ ከይተዳህለ፡ ብድሆ ንዓወት ሓፋሽ እናበለ፡ ዕጥቁ ኣደልዲሉ መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ፡

ድሕሪት ከይርኤ፡ ቅድሚት ኣትኩሩ፡ ንጸላኢ ሕማም መርዘን ዝኾነ። እዚ ጽኑዕ እምነት ዘመስከሮ ሓቅታት ብዙሕ'ዩ። ነብሲ ወከፍ መዓልቲ ናታ ተዘንትዎ ታሪኽ እኳ እንተለዋ፣ መዓልታት 1976 ዓመተ ምህረት፣ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ብስእነት ስንቂ መሬት ዝወረደሉ፣ ባንጻሩ ብሞራል ልዕሊ ዝኾነ እዋን ሰማይ ዝዓረገሉ ዓመተምህረት ምንባሩ ንኹሉ ናይቲ ህሞት'ቲ ንቃልሲ ብቀረባ ዝከታተል ዝነበረ ዝምስክሮ ሓቂ'ዩ።

ዕርቃን ከም ንቡር ወሲዶም ኣብቲ ናይ ሰምሃር ሃሩር፣ ናይ ደንከል ረመጽ፣ ናይ ሳሕል ባርካ ሃጽፊ ብሓደ ወገን፣ በቲ ካልእ ድማ ብቁሪ ከበሳ፡ ሮራ መንሳዕ፡ ሮራ ሓባብ፡ ኣካላቱ ኣብ ንቑጽ ቁርበት ተቐይሩ፣ ሰብኣዊ መልክዑ ጠፊኡ፣ ቖጽሊ ወዲ ቖጽሊ ሸማጢጡ ከርሱ ዝዓንገለሉ፣ ቅዳድ ክሻ ኣላጊቡ ሕፍረቱ ዝሸፈነሉ መድረኽ ንመን እጠፍኦ። ብራሾ ማይ ብመኽደኒታ ተኸፊላ ንሚእቲ(100) ክትዕደል፣ ሸንቲ ኣብ ኮዝ (ኩባያ) ተዋህሊሉ ክስተ ዝተሓልፈ መድረኽ ከመይ ጌሩ ክርሳዕ። መንግስቲ ነቲ መሪር ዘይተነግረ ተሞኩሮ ቃልሲ ኣብ መስርሕ ናጽነት ዝተሓልፈ መስገደላት፣ ብሱሩዕ ከም ሓደ ኣገዳሲ መደብ (Subject) ተወሲዱ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ከሃብ ኣሎዎ። መንእሰያትናን ህጻናትናን ንናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ ኣዝዩ ኩቡር መዋዳድርቲ ዘይብሉ ምኳኒ ኣብ ዓጽሞምን ደሞምን ብዝሰፍረሉ ኣገባብ ክፈልጡዎ ምግባር ልዕሊ ዝኾነ ነገር ዝስራዕ ኣቢ ኣቕልቦ ዝሓትት'ዩ።

ዘሎናዮ መድረኽ፡ ተክኖሎጂ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑሊ ዘሎ ዘመን'ዩ። ንሰላምናን ግስጋሰ ምዕብልናናን ዘስግኦም መንግስታት ይኹን ባእታታት ወይ ሓይልታት፣ ነዚ ተክኖሎጂካዊ ምዕባለ ተጠቂሞም ንምሕንኳልና ጻዕርታት ካብ ምክያድ ኣይከዕርፉን'ዮም።ዋላኳ ክገትኡና ኣይኽኣሉ እንበር ገለ ምድኑጓያት ኣየኸትሉን ማለት ኣይኮነን። ኹናት ብግህዶ ዓወቱ ናትና ምኳኑ ቕድሚ 24 ዓመት ተመስኪሩ'ዩ። ቀጹሉ'ውን ኣብ ግዜ ወራን ጃንዳ ተደጊሙ። ግንባር ቡርየ፣ ጾሮና፣ ዛላምበሳን ገዛ ገረስላሴን፣ ኣብኡ ዝወዓሉ ጀጋኑን ጋዘጠኛታትን መስኪሮሞ እዮም። ሕጂ ዝመጸና ዘሎ ወራራት መልክዑን ሕብሩን ዝቐየረ ስለ ዝኾነ ዓቢ ኣቕልቦ ተዋሂብዎ ክምከት ዘለዎ ይሕደረለይ ይውዓለለይ ዘይብሃሎ ጉዳይ ምዃኑ ድሮ መንእሰያትና ኣብ መላኣ ዓለም ብኹሉ ኩርንዓት ንዝተፈላለይ ተንኮላት ብዝተፈላለየ ሜላታት ይምክትዎን ይዕወትሉን ከምዘለዉ ዋላ ጻላእትና ዝምስክሩሉን ርእሶም ተናዊጺ ሃተፍተፍ ዝብሉሉ ዘለዉን'ዩ።መንእሰያትና ዘመዝግብዎ ዘለዉ ዓወት ኣድማዒ ምዃኑ ዘየማትእ እኳ ኣንተኾነ ተሳትፎ ኣብነታውያንን ተሞኩሩኦምን ዓቢ ግደ ስለ ዘልዎ እቲ ምስግጋር ውርሻ ብግቡእን ዕዉት ኮይኑ መታን ክቕጽል መድረኽ ዝጠልቦ ዘሎ'ዩ።

ኤርትራ ዝያዳይ እንታይ ትብጻሓ ?? ኢሉ ዝሓትት ኤርትራዊ እንታይ መልሲ ክወሃቦ ይግባእ? ስለምታይ'ከ ኮምኡ እሉ ይሓትት? ሃገራዊ ጉቡኡ ዘማልእን፣ ሃገራዊ ሓላፍነቱ ዝኸሓደን (ዓቕሚ ከለዎ) ኤርትራ ንክልቲኦም ማዕረ ትብጽሖም ኢልካ ምሕሳብ ፈጺምካ ዘይግመት'ዩ። እዚኦም ከምዚ እሎም ዝሓቱ ሰባት ዋላኳ ሓደ ኽልተ ግሩሃት ወይ ክእለት ኣዘራርባ ዘስዓቦ ጉድለት ዘለዎም ይሃልዉ ኣምበር፡ እቶም ካልኦት ናይ ሕትኦም መልሲ ኣብቲ ሕትኦም ተመሊሱ ኣሎ። ኮምኡ እሉ ዝሓትት ሰብ ብንጹር ኤርትራ ክንድቲ ጉልበቱ ንብረቱ፡ ገንዘቡን፡ ፍልጠቱን፡ ዘፍስሰላ ዘሎ፣ ጉቡኣቱ ዘማልእ ዘሎን ልዕሊ ኩሉ ከኣ ነቲ ሂወቱ ዝኸፍልን ሃገር ዝሃንጽ ዘሎ ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ ከምትብጽሖም ኣጸቢቑ ክፈልጥ ይግባእ። ገለ ሰባት ኣብ ዓዲ ንብረት ስለ ዝገበሩ እታ ክልተ ካብ ሚእቲ(2%)ናይ ግድን ክኸፍሉዋ ስለ ዘለዎም ንነብሶም ምስቶም ኩሉ ዘማልኡ ዘለዉ ጌሮም ክቖጽርዋ ይፍትኑ። ኣብ ዝኾነ ሃገራዊ ዕማማትን ሃገራዊ ባዓላትን ዘይሳተፉ (ባዓል ነጻነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ መዓልቲ ምምስራት ሃማድኤ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ)፡፡ ክልተ ሕብሪ ዝለበሱ፣ ቀትሪ ምሳኻ ክመስሉ ዝደልዩ፡ ለይቲ ከኣ ክፉኣት ክምህዞ ዝሓድሩ በየናይ መለክዒ'ዮም ኤርትራ ማዕረ እቶም ውፉያት ትብጻሓና እያ ዝብሉ።

ከምቲ ኩሉ ግዜ ተደጋጊሙ ዝግለጽ ሃገር ንዝመጽእ ወሎዶ እያ። እቲ ዝቕጽል ወሎዶ ብሰላምን ብቕሳነትን ነጻነቱ ዓቂቡ ባህሉ ኣኽቢሩ መታን ክነብር፣ እዚ ሕጂ ዘሎ ወላዲ ዕዮ ገዝኡ ብዝግባእ ክሰርሕ ኣለዎ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ቁሩብ ተተንኪፉ ዘሎ ተጋዳላይን ጽንዓቱን ዘሕሎፎ መሪር ቃልስን ብዝግባ ተሰኒዱ ንብሙሊኡ ሕብረተ ሰብና ክፈልጦን ብግብሪ ክሰርሓሉን ይግባእ። ጽንኩርነት ተጸዋርነት ተጋዳይን ተጋዳሊት ንሓደ ውድብ ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን። ኩሎም ተጋደልቲ ኣብ ኩለን ውድባት ኤርትራ ዝነበሩ ንነጻነት ኤርትራ ዝተሰለፉን ብጅግንነት ጉቡኡኦም ፈጺሞም ዝተሰውኡን ዝምልከት ታሪኽ፣ ታሪኽ እዛ ሃገርዩ። ሎሚ ብዛዕባ ኤርትራ ኢና ንዛረብ ዘሎና። ንኽብርን ዓላማን ሕድርን ሰማእታት ኤርትራ ኩሉ ኤርትራዊ ብዘይ ቶግላባ ብንጹህ መንፈስ ዓላማኦም ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ይግባእ። ኤርትራዊ ተጋዳላይ ኣብቲ መሪር እዋን ውግእ ሕድሕድ ዝነበረሉ ስምረት፣ ብዘይ ስምረት ዓወት የለን እናበለ፣ ንሓድነት ገድልን፡ ሓድነት ህዝብን እናጨረሐ ምንእንቲ እዛ ሃገር ብመስዋእትነ ዝሓለፈ። ናይ ዝኾነ ንጹህ ታጋዳላይ ዓላማ፣ ሃገር ነጻ ኣውጺእካ ሰላምን ቕሳነት ዝመልኣ ህዝባ ከም ቀደሙ ብፍቕርን ሲኒት ዝነብረሉ፡ ሃይማኖታትና ከምቀደመን ብሰላም ዝነዓዛሉ ምዕብልቲ ሃገር ንምህናጽ'ዩ ነይሩ።

ሎሚ ብዝነበረ ውድባዊ ፍልልያት ኣማኻንዩ/ኣማኻኒያ ሃራዊ ጉቡኡ/ጉቡኣ ካብ ምፍጻም ኣብ ድሕነትን ልምዓት ሃገር ዘይሳተፍ እንተሎ፣ ነቲ ስዉኣትና ብሂወቶም ከለዉ ዝተኣትወ ማሕላ ምክሓድ'ዩ። ነዚ መንግስቲ ኣይድግፎን'የ ኢልኪ/ኣኢልካ ከም ምኽንያት ብምጥቃም ሕድሪ ሰማእታት ዘይምኽባር ካብኡ ዝዓቢ ጌጋ የለን። ክሕደት'ዩ ውን። መንግስቲ ኤርትራ ሓግዙኒ ኢሉ'ውን ኣይፈልጥን። ምናልባት ንኩነታት ሃገርና ብጉቡእ ዘይተኸታተሎ ነቲ በብእዋኑ ዝዋጻእ ሓገዛት መንግስቲ ዝሓተቶ ዝመስሎ እንተሎ ጉጉይ'ዩ። ኣብ ግዜ ወራር ወይያኔ ወይ ቕድሚኡ ይኹን ድሕሪኡ ዝዋጻ ዝነበረ ወፈያታት ህዝቢ ባዕሉ ዘቕሞ ድኣንበር መንግስቲ ዝሓተቶ ከምዘይኮነ እቲ ብንጥፈት ዝዋሳ ዝነበርን እቲ ዘበርከተን ይፈልጦ።

ካልእ ዝግበር ዘሎ ከፋት ብሽም ዓዳዊ ማሕበራት ጉልባብ ወገናዊ ምንቕስቓሳት እዩ። ኣብዚ ክንርድኦ ዘሎና ኩሉ ብደቂ ዓዲ ዝቖውም ማሕበራት ኣሉታዊ ማለት ኣይኮነን። ከንደይ ደቂ ሓደ ዓዲ ወይ ደቂ ሓደ ከባቢ ብሓባር ተኣኪቦም ንልምዓት ሃገር ዓቢ ኣበርክቶ ዝገብሩ ከምዘለዉ ዘይምዝንጋዕ ፡፡ ብርግጽ ከኣ ክድገፍ ዝግብኦ እዩ። ምዕባለ ናይ ሓንቲ ዓዲ ማለት ምዕባለ ኤርትራ ማለ ም኿ኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። እቲ ኣሰካፊ ኮይኑ ዘሎ ናይቶ ከም ጉልባብ ተጠቒሞም ንኻልእ ፖሎቲካ ረብሓኦም ክጥቀሙሉ ዝደልዩን ንገለ መንእሰያትን ህጻናትን ጉጉይ መስመር ከትሕዙ ዝፍትኑ ዘለዉ'ዩ። ብፍላይ ከኣ ካብ ሓደ ክልተ ሰባት እሞ ተጋዲሎም ዓወት ዘምጽኡ ብዘርኣዩዎ ጂግንነት ማዓርግ ዝተሸለሙ ተጋደልቲ ነበር ክትሰምዖ ከሎኻ፣ ለካስ ኣብቲ ስርናይ ክርዳድ ነይሩ'ዩ ትብል። ዝኾነ ሰብ ተቓውሞ ክህልዎ ንቡር'ዩ። ተቓውሞኡ ክስማዕ'ውን ጉቡእ'ዩ። ተቓውሙኡ ሃገር እናሃነጸ ዳኣምበር፡ ሃገር ዘዑኑ ተግባራትን ቃላትን እና ነዛሕካ ኣብ ደገ ሓኪልካ ንዝነደቕካዮ መንደቕ እናፍረስካ፡ ንተጋዳላይ ዝብል ስም እናበረዝካ ዝግበር ጸይቒ፣ ዋላኳ ብቓልሲ ምዑት ኤርትራዊ ፈሻሊ እንተኾነ ንግዚኡ ነቲ ጉሩህ መስመሩ ሰንደልደል ከብሎ ይኽእል። ግን ኣይወድቕን።

ምእንቲ ሞጎጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ፣ ዝበሃል ኣዘራርባ ምስ ሃገራዊ መደባትናን ዘጥረናዮ ናይ ቃልሲ ባህልን ቦታ የብሉን። ዕንወት ሃገርን ሓድነት ህዝብን ዝበታትኑ ተርእዮታት ብእዋኑ ክከም ኣምጻጻኦም ክውገዱ ናይ ምግባር ሓላፍነት ናይ ንብሲ ወከፍ ናይዛ ሃገር ዜጋ ተራ እዩ። ሰብ ክሕጎሰልካ ሸለል ምባል ዘይሓላፍነታዊ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ጌጋ ይፍጸም ከምዘሎ ምስትውዓል ይግባእ። ገለ ሰባትውን ኤርትራ በጺሓቶ ዘላ ምዕብልና ምስ ናይ ኢቲዮጵያ ከወዳድሩ ትሰምዕ። ኢትዮጵያ ንቅድሚት ተወንጪፋ ኢሎም ብኣድናቆት ክዛረቡ ትሰምዕ። እንተተወንጪፋ ድኣ ህዝቢ

ኢትዮጵያ ስለምታይ ይቓለስ ኣሎ? ኢትዮጵያ ማለት ኣዲስ ኣበባን መቐለን ጥራሕ ድዩ? ኣብ ኢትይጵያ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሓውሲ ፍልመ ዴስነት ዝነብር ህዝቢ ከም ዘሎ ዜይፈልጥ ሰብ ኣሎድዩ? ህዝቢ ዝብላዕ ሲኢኑ ከሎ ርሻናት መህናጽ ምልክት ናይ ምዕባለ ድዩ? እቶም ተሃኒጾም ዝበሃሉ ህንጻታት ተሰኪሞሞ ዘለዉ ዕዳ ከንደይ ምኧኑ ዝፈልጥ'ክ ኣሎዶ? መዳመቕቲ ነዚ ሕቶዚ ክምልሱ ዓቕምን ኣፍልጦን ዘለዎም ኣይመስለንን። ዝኾነ ኮይኑ ግን መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ካብ ዝኾነ ይኹን ህዝቢ ዓለም ንላዕሊ ንቁኑዕ ምዕብልናን ዕብየት ኢትዮጵያን ህዝባን ዝምነ የሎን። ዕብየት ሓንቲ ሃገር ኣብ ዞባና፣ ማለት ዕብየት ናይኩለን ምኳኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

ነቶም ንዕቤትና ምስ ናይ ካሎኦት ዘወዳድሩ ኣይፈልጡዎን ኣይንብልን። ግን ጸላእትና ጽቡቕ ከውርዩልና ስለ ዘይንጽበ ኣይገርመናን። ሓደ ነገር ክፈልጡዎ ዘለዎም ግን መንግስቲ ኤርትራ ተዓድዩ ኣይፈልጥን። ከንዕደ ዝብል ኣምር ኣብ ኣጀንዳኡ የለን። ንሕጂ ዘሎ መንግስቲ ይኹን ህዝቢ ኮምኡ'ውን ንዝመጽእ ዎሎዶታት ዘሰክሞ ዕዳ የሎን ኣይክህሉን ከኣ'ዩ። ግን ከም ለቦዋ፣ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ መረቱ እናተሶጎ ከሎ መሬቱ ንረብሓ ሰበስልጣን ወያኔ ብሚሊዮናት እናትሸጠን ሕዝቢ ካብ ዓድታቱ እናተባረረን ከሎ፡ ባዕላ ወያኔ ዓሰርተ ሓደ ሚልዮን ህዝቢ ንጥሜየት ክቃላዕ'ዩ ኢላ ንሓብሓብታ ሓገዝ እናሓተተ፡ መዝሙር ናይ ወያኔ ዝዝሙሩ፡ ወያናውያን እዮም ብምባል ትድምድም፡፡

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሕድገት ዝኣምን መንግስቲ እዩ። ሕድገት ካብቶም ኣብ መትከላቱ ሰፊሮም ዝርከቡ ኣገደስቲ ዓንቀጻት እዩ። ሕድገት ንዝሓትት እቲ ማዕጾ ኩሉ ግዜ ኩፉት'ዩ። ብዝገበርካዮ ገበን ይኹን ጌጋ እቕረ ምሕታት ብልሕና ዳምበር ስንፍና ኣይኮነን። ሕጂ'ውን ኣብክንዲ ናይ ቀቢጸ ተፋ መንገዲ ምቕጻል፣ ኣብ ቅኑዕ መስመር ምጽንባር ስለ ዝሓይሽ እቲ መንገዲ ጡጡሕ እዩ።

ሞጎስ ነቲ ዘይሕለል ምክልኻል ሓይሊታትና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።